SANDEFJORD
KOMMUNE

TIGRINJA

# NMU እንታይ ማለት እዩ?

NMU (nærmiljøutvalg)፣ ሽማግለ ኣከባቢያዊ ማሕበረሰብ ማለት እዩ።

እቶም NMU ወለንታዊ ብዝኾነ መልክዕ ከም ክፋል ናይ Sandefjord ኣከባቢያዊ ንድፊ/መስርዕ ዲሞክራሲ ይሰርሑ። ኣብ ነፍሲ ወከፍ ዞባ ቤት ትምህርቲ ኣብ ከባቢ Sandefjord ኣከባቢያዊ በዓል መዚ NMU ኣሎ። ንኽትሳተፉ መርሓባ ንብለኩም።

. ናይ ደቅኹም ኣከባቢ ክተመሓይሹ ትደልዩዶ?

. ንዞባኹምን ንኣከባቢያዊ በዓል መዚኹምን ኣብ ዝትንክፉ/ዝጸልው ውሳነታት ጽልዋ ክትገብሩ ትደልዩዶ?

ናይ NMU ዕማም ዘጠቓልል፥

. ቆልዑን መንእሰያትን ዝዓብዩሉ ጽቡቕ ኩነታት ምምዕባል።

. ብዛዕባ ንነበርቲ/ተቐመጥቲ ናይ ኣከባቢያዊ ማሕበረሰብ፣ ዕድመ ብዘየገድስ፣ ዝትንክፉ/ዝጸልው ኩሎም ጉዳያት ምዝራብ።

. ኣብ ናይ ዘተ/ዝርርብ ኣኼባታት ምስ ኣከባቢያዊ ኣባላት ሽማግለን በዓል መዚ ባይቶን ምስታፍ።

ብዛዕባ ኩነታት ኣብ መገዲ ዝሓልፋ መካይን፣ ምውጣንን ናይ ምህናጽ ቀይዲታትን/ሕጊታትን፣ ለምለም (ቀጠልያ) ቦታታት፣ መጻወቲ ቦታታት፣ ኩሉ ሰብ ክሳተፈሉም ዝኽእሉ ንጥፈታት፣ ኣጋር መገድታት፣ ወይ ካልእ ኣርእስቲታት ሻቕሎት ኣሎኩምዶ? ምስ NMU ተወከሱ።

ናይ Sandefjord ኣከባቢያዊ በዓል መዚ ንNMU ኣብ ነፍሲ ወከፍ ዓመት ገንዘብ የመዳድብ/ይምድብ። እቶም NMU ነቲ ገንዘብ ብኸመይ ከምዝጥቀሙሉ ባዕላቶም ይውስኑ።

ብዛዕባ NMUን ኣከባቢያዊ መስርዕ/ንድፊ ዲሞክራሲ ተወሳኺ ሓበሬታ ኣብ፥ www.sandefjord.kommune.no/nardemokrati ክትረኽቡ ኢኹም።

det
gode
liv